HÄMEENLINNAN KAUPUNKI

# ሓበሬታ ክትባት ኮሮና ንስደተኛታት ተቐመጥቲ ሃመንሊና

**ክትባት ኮሮና ጠቓሚ እዩ፣ ምኽንያቱ** ካብዚ ብSARS-CoV2 ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቫይረስ ዝስዕብ፣ ሓደገኛ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ፣ ብዝላዓለ ደረጃ ስለ ዝከላኸል። እዚ ለበዳ ኣብቲ ዝበኣሰ ደረጃ እንተ በጺሑ ክሳብ ንሕክምናዊ ክንክን ኣብ ሆስፒታል እትድቅስን፣ ክሳብ ሞት እውን ከብጽሓካ ይኽእል እዩ። ክብደት ናይዚ ለበዳን ሓደጋ ናይ ምስዓብ ተኽእሎን፣ ብፍላይ ንኣረጋውያንን፣ ንብሕዱር ሕማም ዝሳቐዩን ዝለዓለ ይኸውን። ልዕሊ ዕድመ ዝኾንኩም ኩልኹም ክትባት ክትክተቡ ጽብቕ ኮይኑ፣ ክትባት ንኹሉ ብዘይ ክፍሊት ምኳኑ እውን ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ብዙሓት ሃገራት ናብ ሃገረን ገያሻይ ኮንካ ንኽትኣቱ፣ መረጋገጺ ሰነድ ክትባት ኮሮና ወይ እውን ኮሮና ሓሚምካ ከም ዝነበርካ ዘመልክት መረጋገጺ፣ ርእየን ጥራይ እየን ናብ ሃገረን ክትኣቱ ዘፍቕዳ።

ኣብ ፊንላንድ ናይ ክትባት መምርሒ ከም ዝተኣወጀ ፍሉጥ ኮይኑ፣ ኣብ መጀመርያ ደረጃ ተሰሪዖም ክትባት ዝተዋህቡ ጉጅለ ድማ፣ ኣረጋውያንን፣ ኣብ ዓውዲ ጥዕና ዝሰርሑ ሰብ ሞያን እዮም።

ኣብዚ እዋን እዚ ክትባት ንኹሎም ልዕሊ 12 ዝዕድሚኦም፣ ይወሃብ ኣሎ።

ካልኣይ ክፋል ክትባት፣ ካብታ ቀዳመይቲ ክትባት ዝተዋህበሉ ዕለት ድሕሪ 6-8 ሰሙናት ይወሃብ። ኣብ ቀዳማይ ናይ ክትባት ግዜ ድማ ካልኣይ ናይ ክትባት እዋን መኣስ ምኳኑ ይሕበረኩም።

ሳልሳይ ክታበት ግን ንጸገም ስርዓተ ምክልኻል ኣካላት ዘለዎም ይወሃብ። ኣብ ናይ ሓደጋ ጉጅለ ኣለዉ ዝብሃሉ፣ ንኣብነት፣ ዝተፈላለዩ ሕማማት ሳናብእ፣ ሽኮርያ ከምኡ እውን ኣብ ናይ መሽሮ ሕክምናዊ ክንክን ዘለዉ፣ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

**ንኽትባት ሪጋ ኣብ ትሕዝሉ እዋን ይኹን ክትክተቡ ኣብ ትኸድሉ፣ ብኽብረትኩም መለለይኹም ዝኾነ ታሴራ (ንኣብነት ናይ ኬላ ካርዲ) ቀሪብክምዎ ጽንሑ።**

**ንኽትክተብ፣** ኣቐዲምኩም ተሌፎን ብምድዋል ይኹን፣ ብኤለትሪካዊ ኣገባብ፣ ናይ ክትባት ቆጸራ ሓዙ።

- እንተ ደኣ፣ መለለይ መርበባዊ ኣገልግሎት ባንኪ ኣለኩም፣ ቆጸራ፣ ብኤለትሪካዊ ኣገባብ ክትሕዙ ትኽእሉ www.koronarokotuksetkantahame.fi
- ናብዚ ቁጽሪ ተሌፎን **03 6219893** ብምድዋል እውን ቆጸራ ክትባት ክትሓዝ ይከኣል እዩ። ምስ ደወልኩም ቁጽርኹም ይስነድ እሞ ጸኒሖም ተመሊሶም ድማ ይድውሉልኩም። ኣስተውዕል! ናይ ክትባት ቆጸራ ኣብ ሕክምና ብምኻድ ክተሓዝ ኣይከኣልን እዩ። ከምኡ እውን ናይ ክትባት ቆጸራኹም ብኣገዳሲ ዝኾነ ምክንያት ከተሰርዝዎ ምስ እትደልዩ፣ ንሕክምናኹም ክትሕብርዎም ትኽእሉ ኢኹም።
- ናይ ክትባት ቆጸራ ኣብ ምሓዝ ሓገዝ ዘድልየኩም እንተ ደኣ ኮይኑ፣ ናብ ወሃቢ ሓገዝን ማዕዳን ንስደተኛታት ካስተሊ፣ ካብ ሰኑይ - ዓርቢ፣ ካብ ሰዓት 9-11 ዘሎ ግዜ፣ ሓገዝ ሕተቱ። https://www.myintegration.fi/en/immigration-info-in-kastelli/

**ክትባት ዝወሃበሉ ቦታ፣** ኣብ ቬርካቴህዳስ/Verkatehdas ኣድራሻ Paasikiventie 2 ኮይኑ፣ እዚ ባህላዊ ማእከል ዝኾነ ቦታ፣ ዓቢይን ብቀይሕ ጡብ ዝተሰርሔ ህንጻ እዩ።



ኣብቲ እትኽተብሉ ዕለት፣ ኣለይቲ ናይዚ መስርሕ ክትባት ቅድሚ ናብዚ ህንጻ ምእታውኩም፣ ምስ ኣተኹም ኣብ መዔሸጊ መካይን ከምኡ እውን ኣብ ውሽቲ እዚ ህንጻ ጸኒሖም፣ እቲ ትኽተብሉ ቦታ ኣበይ ምዃኑ ክሕብርኹም እዮም። 5 ደቒቕ  ቅድሚ ግዜ ቆጸራኹም ኣብዚ ቦታ ክትባት ተረኸቡ።

**ቅድሚ ምምጻእኩም ምስትውዓል ዘድልዮም ነገራት:** ዘይሓመምኩም ክትኮኑ ኣለኩም፣ ጸረርታ፣ ሰዓል፣ ረስኒ፣ ቃንዛ ጎሮሮ ክህልወኩም የብሉን። ዘሰንየኻ ሰብ ሓደ ጥራይ እዩ ዝፍቀድ፣ ብተወሳኺ መለለይኹም ዝኾነ ታሴራ (ንኣብነት ናይ ኬላ ካርዲ) ተማልኡ። ኣብ ግዜ ውሽባን ኮሮና ሓሚምካሉ ኣብ ዘለኻ ግዜ ግን፣ ኣብዚ ናይ ክትባት ቦታ ንኽትክተብ ምምጻእ ክልኩል ምዃኑ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ኣብ መእተዊ ማዕጾ ኣውቶማቲክ ማሽን ናይ መምከኒ ጸረ ታህዋስያንን፣ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ተቐሪብልኩም ኣሎ፣ ክትጥቀምሉ ድማ ኣለኹም። ክትባት ኣብ ምናት ኢድኩም እዩ ዝወሃብ፣ ስለዚ እትለብስዎ ክዳን ኣብ ግምት ኣእትውዎ ኢኹም። ክትባት ወዲእኩም ቅድሚ ምኻድኩም ሓንሳብ ኮፍ ክትብሉ ከምዘለኩም እውን ከነዘኻኽረኩም ንፈቱ።

ዝበዝሔ ግዜ **ድሕሪ ክትባት** ዝኾነ ናይ ሕማም ምልክት ኣይርኤን እዩ። ኮይኑ ግን ንገለ ሰባት ድሕሪ ክትባት ዘሎ መዓልቲ፣ ረስኒ፣ ቃንዛ ርእሲ፣ ኣብቲ ክትባት ዝተዋህበሉ ክፍሊ ኣካል ፍኹስ ዝበለ ቃንዛ/ሳሓ ክስምዖም ይኽእል እዩ።

እቲ ካልኣይ ክፋል ክትባት ድማ ድሕሪ 3 ወርሒ እዩ ዝወሃብ፣ ኣብ እዋን ቀዳማይ ግዜ ክትባትኩም ቆጸራ መኣስ ምዃኑ ክሕበረኩምን ክወሃበኩምን ምዃኑ ንሕብር።

PM 4/2021